# ዘተ ብዛዕባ ክብርታትና ኣብ ኦስሎ ተኻይዱ

## ሳልሳይ ክፋል

**እዚ ጽሑፍ’ዚ መቐጸልታ ናይቲ ብዕለት 18.11.2009 ኣብ ኦስሎ ዝተኻየደ ዘተ ብዛዕባ ክብርታትና ኢዩ። ናይ ሎሚ ኣርእስቲ ጅግንነት ዝብል ኮይኑ በኣቶ ዮናታን ሳሙኤል ዝቐረበ መደረ ኢዩ።**

**ኣቶ ዮናታን ሳሙኤል ኣቐዲሙ ብዛዕባ ሕዝባዊ መኸተ ኦስሎ ንዘካይዶ ንጥፈታት ብዛዕባ ክብርታት ኤርትራውያን ብዝምልከት ነዛ ትስዕብ ምልክታ (ሎጎ) ከም ፍሉይ መፍለጥት ኸትከውን ኣቕርቡ።**




**ክብርታትና ትግሊ ኔሩ ኢዩ። ሎሚ’ውን ኣሎ። ጽባሕ’ውን ክህሉ ኢዩ። ክብርታትና ማእዝኑ ንብምልኡ ሸነኽ የጠቓልል።**

**ትግሊ ክብርታትና ብደምና ኣረጋጊጽናዮ ኢና። ረዚን መስዋእቲ ዝኸፈልናሉ ክብሪ ኢዩ።**

**ሎሚ ማዕድናትና ኣብ ረብሓ ሃገር እነውዕለሉ ክብሪ ኢዩ።**

**ጽባሕ ምዕባለ ኤርትራ ዝሕብር ክብሪ ኢዩ።**

**ክብርታትና ልምዓት ኤርትራ መራኸቢ ናይ ትግሊ ፣ ሎሚ ከምኡ’ውን ንጽባሕ ማለት ኢዩ።**

## ጅግንነት

**ጅግንነት ማለት በዓል ሕሉፍ ትብዓት። ዘደንቕ ተግባር ዝፈጸመ ብፍላይ ምእንቲ ሃገር ማለት ኢዩ።**

**ኤርትራዊነትን ተምበርካኽነትን ኣይሳነዩን እዮም። ጅግንነት ኣብ ኤርትራ ዝተፈላለየ መግለጺታት ኣለዎ። ንኣብነት ሐየት፣ ጅግና፣ ጎበዝ፣ ሓኔታ፣ ኮርዕዳ፣ በታኽ፣ ኣንበሳ፣ ሃብሮም፣ በርቂ፣ መጨነቕ፣ ኣባጥረግ፣ ቆራጽ፣ ዋዕሮ፣ ወዲ ሓራስ ነብሪ ዝኣመሳሰሉ እዮም።**

- ኣምበሳ እንተ ቐቲልካ ሓኤታ ትብሃል።
- ኣብ ኲናት ጅግንነት እንተፈጺምካ ሰራሕ ቪያ።
- ኣብ ትምህርቲ እንተነፍዕካ ኮርዕዳ።
- ንምእዙዝነትካ ሃብሮም።
- ትሕትና እንተኣርኢኻ ኣገናዕ (ጊቪሚ ፋይፍ)

ኤርትራዊ ኣብ ትምህርቲ፣ ስራሕ፣ ቃልሲ፣ ሓዳር ንኹሉ ብጅግንነት ክወጾ ኢዩ ዝሕልን። ኣብቲ ዝኣመንካሉ ሙሙዋት መለለዪ ኤርትራዊ ኢዩ።

ጆግና ምኻን ጎይታ ርእስኻ ምኻን ማለት ኢዩ። ሓላፍነት ናይ ነብስኻ ብምውሳድ እንተድኣ ንነብስኻ ክትሃንጻ ጀሚርካ ንኻልኦት'ውን ክትከውን ትኽእል ኢኻ።

እዚ ኣብ ልዕሊ ተገሊጹ ዘሎ ብኣቶ **ዮናታን ሳሙኤል** ዝቐረበ ኮይኑ ኣስዒቡ ኣቶ **የማነ ሃይለ** ብዛዕባ **ብድሆ** ዝተባህለ ጽርጊያ ኣብ ግዜ ቃልሲ ንሓርነት ዝተሰርሐ መርኣያ ጅግንነት ሕዝቢ ኤርትራ ከምዝኾነ ገሊጹ። እዚ ኸኣ ጅግንነት ኣብ ኲናት ጥራሕ ዘይኮነስ ኣብ ህንጻት'ውን የጠቓልል ንማለት ኢዩ።

ኣስዒቡ ኣቶ **ኤፍሬም ዑቑባስላሴ** ነዚ ዝስዕብ መግለጺ ብዛዕባ ጅግንነት ኣቕሪቡ። ኤርትራውያን ኣብ ኩሉ መዳያት ጆግና ኢዩ። ብዕላማ ዝምክት ማለት ኢዩ። "ኤርትራዊ ኒሕ " ኡኳ ዝብሃል። ንኽልተ ደምበ ዘርዓደ ሕዝቢ ኢዩ። ብኮማንዶ ኣብ መዕርፎ ነፈርቲ ኣስመራ ዝትፈጸመ ቪያ ምዝክራ'ውን የድሊ። ቀጺሉ ከም ፍሉይ ተዘክሮ **ንኣልክሳንድር ፑሽኪን** ሰምይዎ። **ኣብርሃም ሃኒባል** ዝተባህለ ኤርትራዊ፣ ወዲ ትሽዓተ ዓመት ከሎ ኣብ ግዜ ወራር ቱርኪ ማለት ኢዩ ኣብ ድባርዋ እንከሎ ብቱርካውያን ንቱርኪ ምስተወሰደ ኣስዒቡ ንንጉስ ዛር ናይ ሶቭየት ከም ኣገልጋል ክኸውን ተወሰደ። ምስ ዓበየ ጆግና ተዋጋኢ ኮይኑ ኣብ ውግእ ኣንጻር ቻይና ጅግንነቱ ዘመስከረ ኤርትራዊ ነበረ። ቀጺሉ ኣንጻር ስፔን ኣብ ዝተገብረ ውግእ'ውን ጅግንነቱ ኣመስኪሩ ኢዩ። ብድሕሪ'ዚ ኣብ ስፔን ኣብ ዝተገብረ ውግእ ተወግኡ እንደገና ንሶቭየት ተመሊሹ ሓንቲ ሶቬየታዊት ሰበይቲ ተመርዑ 7 ቖልዑት ወለደ። እቲ ሓደ ወዱ ኢንጂነረ ተመሂሩ ኣብ ህንጸት ሶቭየት ዓቢ እጃም ዘበርከተ ኢዩ።

ካልእ ብዛዕባ **ዲጋ ገርሰት**'ውን መርኣያ ጅግንነት ሕዝቢ ኤርትራ ምኳኑ ተገሊጹ።

ኣስዒቡ ኣቶ **ቴድሮስ ያሬድ** ነዚ ዝስዕብ መግለጺ ሂቡ። ጅግንነት ደቂ ኣንሲትዮ ክርሳዕ ከምዘየብሉ ኣዘኻኺሩ። ኣዴታት ኣብ ሰደት ዘርኣይኦ ጅግንነት ከምኡ'ውን ኣብ ገድሊ ክሳብ 30% ዝኾና ደቂኣንስቲዮ ዘበርከትኦ ጅግንነት'ውን ኽጥቀስ ይግባእ ኢሉ። ጅግንነት ማለት ኣይትፈርሕን ኢኻ ማለት ኣይኮነን እንታይ ድኣ ንሽግራት ብትብዓት ተሰግሮም ንማለት ኢዩ።

ቀጺሉ ኣቶ **ተኽለ ፍቓዱ** ካብ ዝብሎ ከምዚ ዝስዕብ ኢዩ። ዘይተነግረ ድኣ እምበር ዘይተገብረ ጅግንነት ኣብ ኤርትራ የልቦን። ካብ ጥንቲ ጀሚሩ ዝነበረ ጅግንነት ኤርትራውያን ኣብ ወጻኢ ከይተረፈ ከም እኒ ኣብርሃም ሃኒባል ዝኣመሳሰሉ ሕጂ ኣብ ኣስመራ ሓወልቲ ተሰርሒሉ ዘሎ ኣለክሳንደር ፑሽኪን ምዝካር ይኣክል። ቅድሚ ኢሉ'ውን ብኤርትራውያን ዝፍጸም ዝነበረ ቪያታት ብኢትዮጵያ ይሰልብ ከምዝነበረ ተግሊጹ። ከም ኣብነት ናይ **ዘርኣይ ደረስ** ጅግንነት። ከምኡ'ውን **ሞጎስ ኣስጎዶምን ኣብርሃም ዶቦጭን** ዝተባህሉ ክልተ ምዑታት ኤርትራውያን ኣብ ግዜ ፋሽሽቲ ጣልያን ኣብ ኣዲስ ኣበባ **ግራሲያኒ** ዝተባህለ ኢጣልያዊ ብቦንባ ኢዲ ኣቑስሎሞ። ኤርትራውያን ከም ጸለምቲ ኣፍርቃውያን ብምድንጋጽ ድኣ እምበር ኢትዮጵያውያን ኮይኖም እቲ ጅግንነት ኣይፈጸምዎን። እቲ ጅግንነት ዘይግለጽ ዘሎ ጃህራ ከይኸውን እንዳተባህለ ይሕለፍ ከምዘሎ ኢዩ።

ጅግንነት ኤርትራውያን ዘርዝርካ ዝውዳእ ኣይኮነን። ኮይኑ ግን ምስ ግዜ ኣንዳሃሰሰ ከይከይድ ብማለት ከም እኒ **ሌሮንሶ ታእዛዝ** ኣብ ሕቡራት ሃገራት ከም ኤምባሲ ኮይኑ ዝሰርሐ። **ኣማን ዓንዶም** ከምኡ'ውን

ኮምሽነር ፖሊስ ዝነበረ ኮምሽነር መብራህቱ ፍስሃ (ኣቡኣ ንማርታ መብራህቱ ማለት ኢዩ) ከም ኤርትራዊያን ጀጋኑ ኽጥቀሱ ይግባእ።

**ዘርኢሰናይ ታደሰ** ከም ውልቀ ሰብ ሽም ሃገሩ ንምጽዋዕ ኣብ ኦሎምፐክ ዘገበሮ ጅግንነት'ውን ኽጠቀስ ኣለዎ። እዚ ዘርእየካ ኤርትራዊ ኣብ ዝኾዶ ከይዱ እምኑን ጀግናን ከምዝኾነ ኢዩ።

ኣብ ወጻኢ ዝነብር ሕዝቢ ዘዋጽኦ ዝነበረን ዝውድቦ ዝነበረ ብዓላት'ውን ንባዕሉ ጅግንነት ኢዩ።

መጻኢ ወለዶ ልዑል ትምህርቲ ይወስድ ኣሎ። እዚ ከኣ ናይ መጻኢ ምዕብልቲ ኤርትራ ንምህናጽ ኢዩ።

ኣስዒቡ **ኣቶ የማነ ሃይለ** ከም ዝበሎ እቲ ክሓልፈለይ እልካ ትገብሮ ሓርኮትከት ንባዕሉ ጅግንነት ከምዝኾነ ኢዩ። ኤርትርዊ ኣብ ስደት ከይትረፈ ብዙሕ ቂያ ዝሰርሔ ሕዝቢ ኢዩ።

ጅግንነት ኤርትራዊያን ሕጂ'ሽ ከመይ ኣሎ?

**ኣቶ ዮናታን ሳሙኤል** ከምዝበሎ ነዝኦም ክብርታትና ንምዕዋት ዕላማ ክህሉው ኣለዎ። ሓደ ሎካል ንኣብ ኦስሎ ንርከብ ኤርትራዊያን ዝጥርንፍ ንምምስራት ጅግንነት ክነርኢ ከምዘሎና ኢዩ። ብዓላትና እነካይዶ ኪዳን ብምሕላውን፣ ኣብ ሓልዮት ዝተመስረተ ምድግጋፍን ከምኡ'ውን ብጅግንነት ኢና ንፍጽሞ።

ቀጺሉ **ኣቶ የማነ ሃይለ** ከምዝበሎ ክብርታትና ኣብ መእተዊ ጽሑፍ ቁዋምና ሰፍሩ ከም ዘሎ ኢዩ። መዝሙር ኤርትራ'ውን እንተኾነ ብዛዕባ ክብርታትና ይገልጽ ኢዩ። ባንዴራ ኤርትራ'ውን እንተኾነ ንኽብታትና ኢዩ ዘሪኢ። ኤርትራዊነት ከም መሰል ከም ግቡእ'ውን ኢዩ። በዚ መሰረት ሓደ ናይ ክብርታትና ክልኒክ ተኸፍቱ ነፍሲ ወከፍ ወላዲ ንድቁ ቫክስን ናይ ክብርታትና እንተዘኽትብ። ምስ ዓበኻ'ውን ካብ ክብርታትካ ተፈልኻ ክትሓምም ተኽእሎ ስሎ ዘሎ ነዚ'ውን ንምፍዋስ ብቐጻሊ ኮርሳት ብዛዕባ ክብርታትና ክወሃብ ከምዘለዎ ኢዩ።

**ቋንቋ ኣደ** ሓደ ካብ ክብርታትና ከም ምዃኑ መጠን ንምድንፍዑ ዕቱብ ጻዕርታት ክግበር ከምዘልዎ ኢዩ።

## ካብ ደራሲ ናይዚ ጽሑፍ

**ናይዚ ዝቐርብ ዘሎ ጽሕፋት መወዳእታ ኣብ ራብዓይ ክፋል ንመጻኢ ዝቐርብ ኮይኑ ንሎሚ ግን በዛ ትስዕብ ዳእላ ጌረ ጽሕፈይ ክዓጹ ኢየ።**

ሓደ ግዜ በጻሕቲ ሃገራት (ቱሪስቲ) ተኣክቦም ብሓንቲ ዓባይ መርከብ ኣብ ባሕሪ ይጓዓዙ ኔሮም። ኣብታ መርከብ ዓበይቲ ሰባት፣ ህጻናት፣ መንእሰያት፣ ጎራዙ ኣዋልድ ዘኣመሳሰሉ ቁጽሮም ብርክት ዝበሉ ጌያሾ ነበሩ። ኣብቲ ጉዕዝኦም ዓቢ ናይ ፍስሃን ደስታን ከምኡ'ውን ብላዕ ወስተይ ኢዩ ኔሩ። ከምዚ እሎም ዓለሞም እንዳረኣዩ ከለዉ ድንገት ሓደጋ ኣጋጢሙ። እቲ ሓደጋ ኸኣ ሓንቲ ንእሽቶ ቆልዓ ከምዚ ወዝቢ ኣብቲ ባሕሪ ጠለቐት። መን ኣሎ ጎበዝ፣ መን ኣሎ ጀግና፣ ሃየባ ሓነታይ፣ መን ይዕወት እንዳተባህለ ከሎ ሓደ ሽማግለ ሰባይ ጠኒና ናብቲ ባሕሪ ብምእታዊ ነቲኣ ቆልዓ ሓምብሱ ኣድሓና። በዚ ከኣ ዕጹብ ድንቂ ተባሂሉ ነቲ ሽማግለ ሰብኣይ ክብሪ ሓደ ዓቢ ግብዣ ተዳልዩ፣ ሽልማት'ውን ተዳልዩ፣ ጌያሾ ኣብ ጽምብል ከለዉ ሓደ ካብቲኦም ኣዳለዊቲ ናይቲ ጽምብል ብዛዕባቲ ሽማግለ ሰብኣይ ዝሰርሖ ቂያ ኣድናቖቱ ብምግላጽ እቲ ዝግብኦ ሽልማት ወፈየሉ። ብድሕርዚ ነቲ ሽማግለ ሰብኣይ ስምዒቱ ኽግለጽ ነቲ መድረኽ ገደፈሉ። እቲ ሽማግለ ሰበኣይ ከኣ ከምዚ ዝስዕብ በለ። ሕራይ እቲ ኣዳልኹምለይ ዘለኹም ጽምብል ዝምስገን ኢዩ። ንዓይ ዝገድሰኒ ግን ጸላእየይ ክፍለጥ ስለዘሎኒ ደፍኡ ኣብቲ ባሕሪ ዘጥለቐኒ መነዲኡ ኢዩ እንዳበለ ምስ ገዓረ ወዮ ሕዝቢ ወይለይ ተደፋፍእኻ'ውን እባ ጅግንነት ይፍጸም ኢዩ ኢሉ ነንሓድሕዱ እንድውከኤ ነንገዝኡ ተመልሹ ንብለኩም።

ተጻሒፉ

ብተስፋሚካኤል ዮሃንስ

ሕዝባዊ መኽተ ኦስሎ